**ሽምና ካብ'ዚ ንታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ፣ ኣብ ድሕንነትን ሰብኣዊ መሰላትን ትግራይ ኣድሂብና እንሰርሕ ማሕበራት፣ ካብ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ ኣብ ትግራይ ይርአ ንዘሎ ምዕባለታት ኣመልኪትና እዚ ዝስዕብ ናይ ሓባር መግለፂ አውፂእና ኣለና:-**

12 ሚያዝያ 2025 ዓ.ም

ንስምምዕ ፕሪቶሪያ ስዒቡ ኵነታት ፖለቲካ ትግራይ እናተመሓየሸ ዘይኰነስ፤ እናተጋደደ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፈአ፣ ክለዋወጥ ይርአ ኣሎ። እዚ ድማ ንኹሉ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ትግራዋይ ዘሻቕልን ዘተሓሳስብን ጉዳይ ኰይኑ ይርከብ። ብፍላይ ካብ ቀረባ እዋናት ንነዘ፣ ብጉጅለን ብኸባቢን እናተኸፋፈልካ ነንባዕልኻ ናብ ምንቛር ዝወስድ ምልክታት ብሰፊሑ ይርአ ኣሎ። እዚ ኣካይዳ ንትግራይ ኵለመዳያዊ ዓቕማ ዘዳኽምን ክትወፆ ናብ ዘይትኽእል ዓዘቕቲ ዘእትውን ብምዃኑ፤ ማሕበረ-ሰብና ተረጋጊዑ፤ ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልዉላው ብስምዒት ዘይኰነስ ስኽን ኢሉ ከስተውዕሎን መትከላዊ ሓድነት ፈጢሩ ዘላቒ ሰላምን ምርግጋዕን ንኽመፅእ እጃሙ ኸበርክት ንላቦ።

ኵሎም ኣብ ትግራይ ዝነጥፉ ፖለቲካዊ ውዳበታት፣ ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ፣ ብፍላይ ኣመራርሓ ህወሓትን ጊዝያዊ ምምሕዳርን ድማ ንድሌትን ባህግን ህዝቢ ትግራይ ቀዳምነት ሂቦም ንኽሰርሑን፤ ዘለዉ ኣፈላላያት ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ብዘየጓድል መልክዑ ዝፍተሕሎም መዳያት ብህፁፅ ከናድዩ ኣትሪርና ንፅውዕ። ትግራይ ኣብ'ዚ ሕዚ ሰዓት ሕውየትን ሰላምን እምበር ኲናትን ወረ ኲናትን ኣየድልያን።

ብሚልዮናት ዝቑፀር ህዝብና ካብ መረበቱ ተመዛቢሉ ንዓመታት ኣብ ኬንዳታት፣ መዓስከራት ሱዳንን ካልኦት ከባብታትን ብሕማምን ጥምየትን ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና ናብ መረበቱ ንኽምለስ ዘኽእል ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ብትኹረት ክስርሓሉ ይግባእ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ዘሎ ህዝብናን ግዝኣታዊ መሬትናን ንኽምለስ፤ ብፍላይ ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ኢሮብን ካልኦት ተዋሰንቲ ከባብታት ትግራይ ዝነብር ህዝቢ ሕፁፅ ቆላሕታ ንኽግበረሉ ንፅውዕ። ኣብ ፅንተት መንነት (Genocide) ትግራይ፣ ዝበፅሐ ኵሉ ዓይነት ዕንወት ገና ከይሓወየ፤ ዝተፈፀመ ጠቕላላ ግፍዕን በደልን እዚ ዝብሃል ፍትሒ ከይረኸበን ተሓታትነት ገና ከይተረጋገፀን ህዝቢ ናብ ካልኣይ ዙር ህልቂት ኲናት ምእታው ህዝቢ ትግራይ ዘይግብኦን ዘይፃወሮን እዩ።
ስለ'ዚ መራሕቲ፣ ካብ ፖለቲካዊ ዘይምቅዳውን ምትፍናን ወፅዮም፤ ኣብ ረብሓ፣ ህልውናን ድሕንነትን ትግራይ ብሓድነት ክሰርሑን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኣፈላላይ ብሰላማዊ ልዝብ ክኣልዮን ፤ በዚ ኣቢሎም ድማ ንህዝቢ ካብ'ቲ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኲናት ናይምድሓን ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ክፍፅሙ ኣትሪርና ንፅውዕ።

ሰላምን ራህዋን ንህዝብና!

**ሽምና ካብ'ዚ ንታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ፣ ኣብ ድሕንነትን ሰብኣዊ መሰላትን ትግራይ ኣድሂብና እንሰርሕ ማሕበራት፣ ካብ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ ኣብ ትግራይ ይርዐ ንዘሎ ምዕባለታት ኣመልኪትና እዚ ዝስዕብ ናይ ሓባር መግለፂ አውፂእና ኣለና:-**

12 ሚያዝያ 2025 ዓ.ም

**ሽም ዝርዝር ፈረምቲ ማሕበራት**

1. Irob Anina Civil Society
2. Omna Tigray
3. Security and Justice for Tigrayans (SJT)
4. Tigray Youth Network (TYN)
5. Umbrella For The Needy
6. Australia Tigray Alliance
7. Yikhono: A Movement to End Gender-based Violence
8. Manitoba Tegaru Youth Network
9. Voice for democracy and social justice
10. Giving Back to Our Roots
11. Security and Justice for Tigrayans Canada (SJTC)
12. Tigrayan Association in North Italy (ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኢጣልያ)
13. Vereniging van Ethiopische Tigreërs in Nederland
14. Vereniging Tigrai Development Association in Nederland (TDA NL)
15. Dekna Foundation
16. Vereniging Van Tigray Nederland
17. Tigrayan Women Association in Netherlands
18. The Union of Tigreans in Belgium (UTB)
19. Tri-State Tegaru